Tewahdo.org cyber ministry

# ስርዓት ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

ሕዳር 2ይ ሰንበት

ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ኣስተምህሮ፣ ካብ ሕዳር 6 - ታሕሳስ 13 ግእዝ)

1ይ ንፍቅ ዲያቆን:- ሮሜ 1፣ 10 -32 (Romans)
2ይ ዲያቆን:- 1ይ ዮሃ 2፣ 1-18 (1st John )
2ይ ካህን:- ግብ 22፣1-12 (Acts)
1ይ ካህን:- ማቴ 6፥5-16 (Matthew)

***መዝሙር ዳዊት፥-*** ኢ.ትዝክር ለነ ኣበሳነ ዘትካት
ፍጡነ ይርከበነ ሳህልከ እግዚኦ
እስመ ተመንደብነ ፈድፋደ። መዝ 78.8

**ቅዳሴ፥-** ነኣኵተከ (ነመስግነካ)
***ያሬዳዊ መዝሙር፥-*** ኢ.ተዘኪሮ ኣበሳ ዚኣነ
(ንኣበሳና ኣይዘከረን)

***መዝሙር ዳዊት፥-*** ኣዚና ተዋሪድና ኢና እሞ፣
በደል ኣቦታትና ኣይትዘክረልና፣
ቀልጥፍ፣ ምሕረትካ ተቀባበለና። መዝ 79፥8

“Do not remember against us our former iniquities; let your compassion come speedily to meet us, for we are brought very low..” Psalms 79፥8

## ዝሓለፈ በደልና ኣይትዘክር

ኣብ ግዜ ቀዳሴ ዲያቆናት ዝዝምርዎ (ዘዝይምዎ) መዝሙር ዳዊት "ዝሓለፈ በደልና ኣይትዘክር ምሕረትካ ድኣ ቀልጢፉ ይርድኣና" ዝብል እዩ። እግዚኣብሄር ዝሓለፈ በደል ኣይጽብጽብን እዩ፣ ነቶም ብንስሓ ዝምለሱ ድማ ኣበሳኦም ይሓድገሎም። ንጉስ ዳዊት ኣብ ካልእ ጽሑፉ፣ "እግዚኣብሄር በዓል ብዙሕ ምሕረት እዩ" ይብል። ቀጺሉ ድማ "እግዚእብሄር መሓርን በዓል ብዙሕ ሳህልን እዩ። ምሕረቱ ድማ ካብ ቁጥዐኡ ይበዝሕ። “እግዚኣብሄር ርሕሩሕን መሓርን እዩ። ንዂራ ደንጓዪ፣ ብሳህሊ ድማ ምሉእ እዩ። ኩሉ ጊዜ ኣይገንሕን፣ ንዘለኣለም ድማ ኣይቀሥጣዕን። ከም መጠን ሓጢኣትና ኣይገብረናን፣ ከም መጠን ኣበሳና ድማ ኣይፈድየናን እዩ። ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ከም ዝብል ከምኡ ምሕረቱ ናብቶም ዚፈርህዎ ይስልጥን። ምዕራብ ካብ ምብራቕ ከም ዚርሕቕ፣ ከምኡ ንኣበሳና ካባና ኣርሒቑ። ከምቲ ወላዲ ንውልዱ ዚርሕርሓሎም፣ ከምኡ እግዜኣብሄር ንዚፈርሕዎ ይርሕርሓሎም እዩ።” እናበለ ነቲ ዓቢይ ምሕረት እግዚእብሄር እናዘከረ ዘመረ። ዘማራይ ያሬድ’ውን ምሕረት እግዜኣብሄር እናስተንተነ፣ ኣብዚ ናይ ዕለቱ መዝሙር "ኢ.ተዘኪሮ ኣበሳ ዚኣነ ኢ.ኃደገነ ፍጹመ ንማስን ኄር እግዜኣብሄር።" ከይንጠፍእሲ ርሕሩሕ እግዜኣብሄር በደልናን ኣበሳናን ኣይጸብጸበን” እናበለ ከም ዳዊት ንእግዜኣብሄር ብመዝሙር ገይሩ የመስግኖ። እወ ብሓቂ ንበደልና ይቕረ ዝብለልና፣ ንኣበሳና ዝሓድገልና ከም እግዜኣብሄር ዝበለ መን ኣሎ? ንሱ ምሕረት ይፈቱ፣ ቁጥዓኡ ድማ ንዘለኣለም ኣይነብርን። ብኣፍ ነቢይ ሚክያስ ገይሩ ከምዝበሎ፣ "ከማኻ ዚበለ ኣምላኽ፣ ኣበሳ ዚሓድግ፣ ነቲ በደል ካብቶም ተረፍ ርስቱ ዜሕልፍ መን እዩ? ምሕረት እዩ ዚፈቱ እሞ፣ ኹራኡ ንዘለኣለም ኣይዓቅኑርን። መሊሱ ይርሕርሓልና፣ ንኣበሳና ኣብ ቲሕቲ እግሩ ይረግጾ፣ ንዅሉ ሓጢኣቶም ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ትድርብዮ።“ ሚክ 7፣ 18-19።

ጎይታናን መሓኒናን፣ ኣብ ሓጢኣትና ክንነብር ስለዘይደለየ፣ ነቲ ናይ ኣበሳና ኣድራሻ ደምሲስዎ። ንሱ ንኣበሳና ኣብቲ ናይ ትዕግስቱን ምሕረቱን ባሕሪ ብምድርባይ ረጊጹ፣ ንኣድራሻ ኣበሳና ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ጠቕሊሉ ብምጥሓል ኣጥፊእዎ። በደልና ዝደምሰሰ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኢዱን እግሩን ኣብ መስቀል ዝተሸንከረ ንበደልና ረጊጹ ከጥፍኦ ኢሉ እዩ። ንሱ፣ ስሌና በጃ ብምሕላፍ ናብ ዕረፍቲ ኣእተወና። ምስ ዘማራይ ዳዊት ብናይ መንፈስ ሓቂ "ዎ እግዜኣብሄር ንሓጢኣት ንእስነተይን ኣበሳይን ኣይትዘክሮ፣ ከም ለውሃትካ፣ ስለ ሳህልኻ ኢ.ልካ ዘክረኒ።”(መዝሙር 25.7) እናበልና ክንዝምር ይግባእ። ንምሕረቱ’ውን “ሓጢኣት እንተትጽብጽብሲ መንከ ኣብ ቅድሚኻ ደው ክብል ?” እናበልና ስለ ምሕረቱ ክነድንቖ፣ ብሓቂ "ኣበሳኡ እተሓድገሉ፣ ሓጢኣቱ እተሰወረሉ ሰብ ብጹእ እዩ።”(መዝሙር 32:1) ክንብል ይግባእ።

ምስጋና ንእግዚእብሄር ይኹን። ኣሜን።

ትርጉም፥ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።